

ዕድላት ማህደረ ትምህርትን ልቃሕን
ንናይ ወጻኢ ሃገራት ዜጋታት
VI GJØR UTDANNING MULIG
ምስሊ፡ Hege Aas
Lånekassen
እዚ ሓበሬታ ኣብ ናይ ስርዕት ዓመተ ትምህርቲ 2021-2022 መሰርት ጌሩ ዝወጸ ኢዩ።
እዞም ሕግታት ኣብ ዝመጹ ዓመተ ትምህርትታ ክልወጡ ይኽእሉ እዮም።
Tigrinja

ትምህርቲ ኣብ ኖርወይ ናይ ስራሕ ዓለም ማዕጾ ዝኸፍት ኢዩ
ነፍሲ ወከፍ ኣብ ኖርወይ ዝቅመጥ ሰብ ናይ ትምህርቲ ዕድል ክረክብ ኣለዎ። እዚ ንስራሕ ንምርካብ ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዚ፡ መንግስቲ ኖርወይ ናይ ትምህርቲ ነጻ ማህደራትን ለቃሕን ብመንገዲ ሃገራዊ ማዕከን ትምህርታዊ ልቃሕ (**Lånekassen**) የዳሉ ኢዩ። ማህደረ ትምህርቲ እቲ ትቅበሎ ገንዘብ ኮይኑ፡ ልቃሕ ከኣ ክትመልሶ ዘለካ ኢዩ። ምስ ካልእ ዓይነት ልቃሕ ኣወዳዲርካ ክርእ ከሎ ንተመሃሮ ዝወሃብ ልቃሕ ዝሓሸ ኢዩ።

ናይ ማህደረ ትህምርቲ ወይ ልቃሕ ክትወስድ እትኽእል ኣብዞም ዝስዕቡ ባይታት መሰረት ዝገበረ ሕጋዊ ነባርነት ኣብ ኖርወይ ምስዝህልወካ ኢዩ፡
• ብድሕነት (ብዕቁባ) ወይ ከቢድ ሰብኣዊ ምኽንያታት
• ናይ ስድራቤት ስደት
• ናይ EEC ሰራሕተኛ ወይ ኣባል ስድራቤት ናይ EEC ሰራሕተኛ
• በዓል ቤት/መጻምድቲ ናይ ኖርወይ ዜጋ
• ብትምህርቲ ወይ ብስራሕ ምስ ኖርወይ ዝምድና ምስ ዝህሉ

ማህደረ ትምህርቲ ወይ ልቃሓት ክትረኽበሎም እትኽእል ዓይነት ትምህርትታት
• ቀዳማይ ደረጃ ትምህርቲ ንዓበይቲ
• ናይ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ
• ናይ ዩኒቨርሲቲ ወይ ዩኒቨርሲቲ-ኮሌጅ ትምህርቲ
• ካልእ ዓይነት ትምህርትታት (ሞያዊ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ህዝባዊ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ... ወዘተ)

ሃገራዊ ማዕከን ትምህርታዊ ልቃሕ (**Lånekassen**) ዝህቦም ማህደረ ትምህርትን ለቃሓትን እንታይ ኢዮም፡

**መንእሰያት** ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዝተወሰነ ዓመታት ናይ ምምሃር መሰል ኣለዎም (ናይ መንእሰያት መሰል)።ንሳቶም እዞም ዝስዕቡ ክረኽቡ ይኽእሉ፡
• ኩሎም ተመሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንዝድልዮም ናይ **መሳርሒታት መግዝኢ** ይቅበሉ።
• ካብ ወለዶም ርሒቆም ንዝመሃሩ ተመሃሮ ናይቲ ***ሪሖቆም ዝመሃርዎ ናይ መነባብሮ ገንዘብ*** ኣብ ግዜ ትምህርቶም ክወስዱ ይኽእሉ።
• ካብ ትሑቱ ፋይናንስያዊ ዓቅሚ ዘለዎም ስድራቤታት ንዝመጹ ተመሃሮ ኣብ ኣታዊ ዝተሞርኮሰ ማህደረ ትምህርቲ ክወስዱ ይኽእሉ፡ እዚ መወሰኽታ ናይቲ ናይ መነባብሮ ወጻኢታት ኢዩ።

መባእታዊ ወይ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ዘይወድኡ ዓበይቲ ሰባት ከኣ ማህደረ ትምህርቲ ወይ ልቃሕ ክወስዱ ይኽእዱ።

ዕቁባ ዝትወሃበካ **ስደተኛ እንተደኣ ክይንካ፡** ናይ መባእታዊ ወይ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንምክትታል **ናይ ስደተኛታት ማህደረ ትምህርቲ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።** ኩሉ ወይ መብዛሕትኡ እትወስዶ ብመልክዕ ማህደረ ትምህርቲ ኢዩ ዝኸዉን፡ እዚ ማለት ክትመልሶ ዘለካ ኣይኮነን። ነቲ ዝነዉሐ ግዜ ንሰለስተ ዓመት ጥራይ ክወሃብ ዝኽእል ናይ ሰደተኛታት ማህደረ ትምህርቲ ንምርካብ፡ ዕቁባ ካብዝተወሃብካሉ ኣብ ዉሽጢ ሰለስተ ዓመታት ትምህርቲ ክትጅምር ኣለካ። ቆልዑት እንተሃልዮምኻ ወይ ከኣ ቅድሚ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ መባእታዊ ትምህርቲ ወዲእካ እንተዘይ ኔርካ፡ ካብ ሰለስተ ዓመት ድሒርካ ምስ እትጅምር ዝወሃበካ ናይ ሰደተኛታት ማህደረ ትምህርቲ ንዝሓጸረ ግዜ ኢዩ ዝኸዉን። ናይ "መላለዩ ሓገዝ" ዝበሃል እንተወሲድካ ግና ኣብ ሓደ እዋን ነቲ ናይ ስደተኛታት ማህደረ ትምህርቲ ካብ Lånekassen ክትቅበል ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ልቃሕ ግና ክዉሰድ ይከእል ኢዩ። ሓተቲ ዑቕባ ብዘይካ ኣብ ገለ ገለ ጉዳያት ንመሰርሒ ዝወሃብ ሓገዝ፡ ማህደረ ትምህርቲ ኮነ ልቃሕ ክወስዱ ኣይክእሉን።

ላዕለዋይ ትምህርቲ ወይ ካልእ ዓይነት ትምህርቲ ዝወስዱ **ተመሃሮ** ንመነባብሮ ወይ ናይ ቤት ትምህርቲ ወጻኢታት ልቃሕ ክወስዱ ይኽእሉ። ትምህርቲ ምስ ዝዉድኡ ከኣ ገለ ክፍላ ናይቲ ልቃሕ ናብ ማህደረ ትምህርቲ ክልወጥ ይኽእል ኢዩ። ንቆልዑት ዝኣልዩ ሰባት ተወሳኺ ማህደረ ትምህርትን ለቓሕን ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዩ።

እቲ ካብ Lånekassen እትረኽቦ መጠን ገንዝብ ኣብ ናትካ ዕድመ፡ ኩነታት ስድራ ቤትን ትወስዶ ዘለኻ ዓይነት ትምህርትን ዝምርኮስ ኢዩ።

Lånekassen ነዞም ዝስዕቡ ተመሃሮ ፍሉይ ሓገዝ የዳሉ ኢዩ፡
• ኣብ እዋን ትምህርቲ ቆልዑት ዘለዉዎ
• ኣብ እዋን ትምህርቲ ዝሓመሙ
• ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎም

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.lanekassen.no ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ትመሃረሉ ዘለኻ ቤት ትምህርቲ'ዉን ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ትምህርቲ፡ ማህደረ ትምህርትን ልቃሕን ክህበካ ትኽእል ኢዩ።

ምኽፋል ልቓሕ

ትምህርትኻ ምስ ወዳእካ ንዝወሰድካዮ ልቓሕ ወርሓዊ ክትከፍሎ ኣለካ። ክትከፍል ዓቅሚ እንተደኣ ዘይብልካ፡ ነቲ ክፍሊት ከተናዉሖ ይከኣል ኢዩ። ናይ ምሉእ ግዜ ተመሃራይ ኮይንካ ካብ Lånekassen ሓገዝ ትረክብ እንተሃሊኺ ወለድ ኣይከፍልን ኢኻ። እቲ ናይ ወለድ መጠን ኣብ ገለ ገል ኩነታት ክቆረጽ ይኽእል ኢዩ፡ ንኣብነት ምስእትሓምም ወይ ከኣ ትሑት ኣታዊ ሃልዩካ ስራሕ ኣልቦ ምስትኸዉን።